ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንዝተፈላለዩ ቤት ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፈላለዩ ዓይነታት ንብረትን ሕትመትን ብፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍፅም ንደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጉንበት 21, 2018 (ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 26, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 26, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/

ምልክታ ፕሮፎርማ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንዝተፈላለዩ ቤት ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፈላለዩ ዓይነታት ንብረትን ሕትመትን ብፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ዕድጊት ክንፍፅም ንደሊ። ኣብዚ ፕሮፎርማ ክትወዳደሩ እትደልዩ በቢ ዘርፉ ዝተመዝገብኩም ተወዳደርቲ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቐሒታት ብምምላእ ንኽትወዳደሩ ንዕድም።

ዝርዝር ተደለይቲ ረቐሒታት

1. ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ካርዲ፣ ቲን ቁፅሪ ከተሓሕዝ ዝኽእል ።

2. ፕሮፎርማ ካብ ዕለት 21/09/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 26/09/2018 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ በዚ ዕለት 26/09/2018 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ተዓሺጉ ስዓት 4፡00 ይኸፈት።

3. ተወዳደርቲ ኣብ ዘቕርብዎ ሰነድ ጨረታ ናይ ተወዳዳራይ ስም፣ ክታም፣ ማህተምን ኣድራሻን ብምዕራፍ ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቕርቡ ኣለዎ ።

4. ሰዓራይ ትካል ሰዓራይ ኮይኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 03 መዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንብረት ክፍሊ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ ።

5. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ እዋን እዚ ፕሮፎርማ ምስተኸፈተ ን7 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ዝፀንሕ ይኸውን ።

6 እዚ ሰነድ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ከይኑ የገልግል ።

7. ኣብ ከይዲ ጨረታ ፕሮፎርማ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተወዳደርቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ብምግባርን ንቐፃሊ ድማ ኣብ ዕደጋ መንግስቲ ንኽይሳተፉ ክሳብ ምእጋድ ዝበፅሕ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ ።

8. ተወዳደርቲ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ብምምፃእ ምሕታት ይከኣል እዩ ።

9. ዝሓሸ መማረፂ እንተተረኹቡ ብክፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምስ ሰላምታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle